# ወይን (ቁፅሪ 702)

## ዜና

### «ዝተውሃበና ሜዳልያ ሽግ ሕድሪ እዩ» ሓረስቶት ትግራይ

ኣብ ሃገራዊ ሽልማት ሓረስቶት ዝተረኸቡ ሓረስቶት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ ኢድ ቀዳማይ ሚኒስትር መለስ ዜናዊ ዝተወሃብዎ ሜዳልያ ሽልማት ፃዕሮም ጥራሕ እንተይኮነስ ሽግ ሕድሪ ከምዝተሰከሙ ከምዝቆፅርዎ ገሊፆም። ካብ ትግራይ 35 ሓረስቶት ሓዊሱ 55 ተሸሊሞም።

ንማሕበር ሓረስቶት ጣቢያ ዓቃብ ሰዓት ወኪሎም ኣብ ባህርዳር ዝተረኸቡ ሓረስታይ ገ/ዋህድ ገ/ሰማያት ከምዝገለፅዎ እቲ ሽልማት ናብ ዝተረፉና ናይ ልምዓት ብርክታት ቀልጢፍና ክንስድር ዝተዋህበና ሕድርን ሽግን እዩ ብምባል ርእይቶኦም ሂቦም።

ኣዶ መንበር ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ወረዳ ኦፍላ ጣቢያ ሰሰላ ወ/ሮ ድላይ ደርበው ብወገነን ድሕሪ ሽልማት ንሪፖርተርና ኣብዝሃብኦ ርእይቶ እቲ ሽልማት መንግስቲ ንደቂ ኣንስትዮ ናይ ዝህቦ ትኩረት ሓደ ኣብነት'ዩ በላ'ሞ «ጣቢያና ኦዐሪና ክንቅይራ ሞራል ዝፈጠረልና ሽልማት'ዩ» ኢለን።

ኣሸንባይ ብዓርቤታ ግራት ብእትጫኾር ንእሸተይ መሬት'ውን 170 መናእሰይ መጋሃጫ ተማቒልና ለውጢ ክነመዝግብ ክኢልና ኢና ዝበለና ኣቦ መንበር ማሕበር መናእሰይ ጣቢያ ሰመማ መንእሰይ ልኡል ሓድጉ «ንዓመታ ብማሕበር ጥራሕ እንተይኮነ ብውልቂ ዓቢይ ለውጢ ኣመዝጊብና ንሽልማት ክንበቅዕ ክንሽቅል ኢና» ኢሉ።

ሓረስታይ ታመነ ወረደ ካብ ጣቢያ ሓሸንገ ብወገኖም ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ካብ ዝነበርዎ ሕሱም ድኽነት ወፂኦም ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ 7 ወርሒ ካብ መሸጣ ፀባ ጥራሕ 15 ሽሕ ቅርሺ ናብ ዝረኽበሉ ደረጃ ምብፅሖምን ዓመታዊ እቶቶም ልዕሊ 35 ሽሕ ምኽኑን ገሊፆም።

ኣብቲ ብደረጃ ሃገር ዝተውሃበ ሽልማት 35 ሓረስቶት፣ 7 ጣቢያታት፣ 3 ምምሕዳር ጣቢያታት፣ 3 ወኪላት ሕርሻ፣ 2 ወረዳ ምምሕዳር፣ 4 ሓፋሽ ማሕበራት፣ ሓደ ዩንዮን ማሕበር ተሸሊሞም እዮም።

ከም ሓበሬታ ኣይተ ኣበራ ገ/ኣምላኽ ኣብ ቢሮ ሕርሸን ልምዓት ገጠርን ትግራይ ሓላፊ መምርሒ ኤክስቴንሽን እቶም ተሸለምቲ ዓመታዊ እቶቶም ካብ 25 ሽሕ ክሳብ 100 ሽሕ ዝበፅሑ ምኽኖም ገሊፆም።

## 11 ለካቲት ብደረጃ ክልል ትግራይ ሽልማት ሓረስቶት ክካየድ’ዩ

## «ንክልሰ ሓሳብ ብተግባር ዝተርጎሙ ሓርበኛታት»

ርእሰ ምምሕዳር ፀጋይ በርሀ

*ብደረጃ ሃገር ዝተሸለሙ ሓረስቶት ትግራይ ኣብቲ ብዙሓት «ንሕርሻ ምችው ዘይኮነ መሬት» ዝብልዎ መሬት ትግራይ ብክልሰ ሓሳብ እንተይኮነስ ብተግባር ልምዓት ምርግጋፅ ከምዝከኣልን ድኽነት ከምዝሰዓርን ዘመስከሩ ሓርበኛታት ልምዓት እዮም ብምባል ርእሰ ምምሕዳር ኣይተ ፀጋይ በርሀ ገሊፆም።*

*መሬት ትግራይ ንነዊሕ ዘመናት ሰብ ዝነበረሉ ብምኽንያት ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲ ቀዳሞት መንግስታት ሃብቲ ተፈጥሮኡ ብዘተሓሳስብ ደረጃ ተጎዲኡ ብምፅንሑ ብብዙሓት ንሕርሻ ዘይምቹው መሬት ኣብ ዝበሃለሉ እዋን ነቲ እናንቆልቆለ ዝኸይድ ዝነበረ ሃብቲ እንደገና ክጥጥዕ ብምግባር ድኽነት ከምዝሰዓር ዘመስከሩ ኣሽሓት ሓርበኛታት ልምዓት ኣብ ትግራይ ከምዝተፈጥሩ ሓቢሮም።*

*ቀንዲ መበገሲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ጭቆናን ድኽነትን ምቕባር’ዩ ዝበሉ ኣይተ ፀጋይ እቶም ብደረጃ ሃገር ዝተሸለሙ ሓረስቶት፣ ማሕበረሰባት፣ ወኪላት ሕርሻ፣ ኣመራርሓ ወረዳን ጣቢያታትን «ብሕጊ ዝመሓደር ዘመናዊ ሕብረተሰብ» ንምህናፅ ናይ ዝግበር ዘሎ ምርብራብ ኣብነት እዮም ኢሎምዎም።*

*ናይ ሎምዘመን 11 ለካቲት ብደረጃ ክልል ብዝበዓል መዓልትን ሽልማትን ሓርበኛታት ሓረስቶት ከምዝፅምበል ዝሓበሩ ኣይተ ፀጋይ ኩሉ ህዝቢ ብውድብን መንግስትን ንዝወሃብ ኣመራርሓ ትልምታት ልምዓት ተቐቢሉ ኣብ ልዕሊ ድኽነት ክዘምት ፀዊዖም።*

*ኣብ መወዳእታ ድማ እቶትካ ምድንፋዕ ሓደ ዕቡቕ ጉዳይ ኮይኑ ንዘፍረኻዮ ቆጢብካ ምጥቃም ዝለዓለ ትኹረት ዝወሃቦ ጉዳይ ስለዝኾነ ኣብ ዝመፅእ ጥርን ቀፀልቲ ወርሓትን ካብ መባኸንቲ ውራያት ክቑጠብ ብምትሕስሳብ ሓረስቶት ትግራይ ገንዘቦም ኣብ ልምዓት ክውዕል ብምግባር ናብ ዘየቋርፅ ናይ ልምዓት ዑደት ክኣትዉ ኣተሓሳሲቦም።*

## ኮርፖሬሽን ሓይሊ መብራህቲ ንዓማዊሉ ይቕረታ ሓቲቱ

ኮርፖሬሽን ሓይሊ መብራህቲ ሪጅን ሰሜን ንኣዋርሕ ዝዋህለሎ ውዝፍ ዕዳ ዓማዊል ብሓደ ጊዘ ክኸፍሉዎ ምእዛዙን ንብዙሓት ተጠቀምቲ ድማ ብዝተዛብዐ ንባብ ቆፃሪ ዝተጋነነ ኣገልግሎት ምሕታቱን ናይ ባዕሉ ጉድለት ኣሰራርሓ ዝፈጠሮ ምዃኑ ብምእማን ይቕረታ ሓቲቱ።

እቲ ኮርፖሬሽን ኣብ ዓማዊሉ ብስፍሓት ዝስምዑ ዘለው መረረት ንምርዳእን ንቑፃሊ መፍትሒ ዝኾኑ ኣሰራርሓታት ንምሕባርን ዓሊሙ ኣብ ዝሓለፈ ቅነ ምስ ተወከልትን ምምሕዳርን ከተማ መቐለ ሓበራዊ ዘተ ኣካይዱ እዩ።

ናብቲ ዘተ ዝተፀውዑ ተወከልቲ ህዝቢ ከምዝገለፅዎ ኮርፓሬሽን ሓይሊ መብራህቲ ንዝሓለፉ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ተጠቀምቲ በብወርሑ እናኸፈልዎ ኣብ ልዕሊ ዝፀንሑ ሒሳብ ኣገልግሎት ዝተጠራቐመ ተወሳኺ ውዝፍ ሒሳብ ብሓደ ጊዘ ካብ ምሕታቱ ብተወሳኺ ናይ ውዝፍ ዋጋ ቢል ኣፀባዕባ ድማ በቲ ነባር ዘይኮነስ ብሓድሽ ታሪፍ ስለዝሰርሖ ዓማዊል ቅድሚ ሕዚ ከፈሎምዎ ዘይፈልጡ ከቢድ ዕዳ ንክሕተቱ ምኽንያት ኮይኑ እዩ።

«ውዝፍ ዕዳ ብእዋኑ ዘይምሕታቱ እቲ ሓላፍነት ናይቲ ኮርፖሬሽን ክኸውን ይግባእ ነይሩ» ዝብል ተወሳኺ ሓሳብ ዘቕረቡ እቶም ተወከልቲ ናይቲ ትካል ኣተኣኻኽባ ቢል ግምታዊ ብምዃኑ ብዙሓት ተጠቀምቲ ካብ ኣማኢት ሰጊሩ ብኣሽሓት ዝተፀብፀበ ዕዳ ክመፆም ምኽኣሉ ሓቢሮም። ኣስዒቦም’ውን ሓደ ኣምፑል ጥራሕ ዘብርሁ ዓማዊል ካብ 200 ክሳብ 800 ቅርሺ ወዝፍ ዕዳ ክኸፍሉ ከምዝተገደዱ፣ ናይ ሓደ ትካል ቆፃሪ ንባብ ድማ 1.5 ሚልዮን ቅርሺ ተፀብፂቡ ደሓር ከምእንደገና ተራእዩ ክስተኻኸል ብምግባር ናብ 14 ቅርሺ ከምዝወረደ እዚ ድማ ኣብ ንባብ ቆፃሪ ንዘሎ ዓብዪ ሸለልትነት ከምዘመላኽት ብኣብነት ጠቒሶም እዮም።

እቶም ርእይቶ ወሃብቲ ዓማዊል ብዘይካ’ዚ ኣብቲ ኮርፓሬሽን ሰፊሕ ፀገም ኣወሃህባ ኣገልግሎት ምህላዉ ብምጥቃስ

## ሉኣላውነት ንምኽባር ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ ኣግባብነት ከምዘለዎ ተገሊፁ

ኣኽረርቲ ሕብረት ኣብያተ ፍርዲ ሽሪዓ ሶማሊያ ምስ ካልኦት ፀረ-ኢትዮጵያ ሓይልታት ብምኧን ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዝኣወጅዎ ኲናት ብምምካት ብዓወት ንምዝላቕ መንግስቲ ዝወስዶ ዘሎ ስጉምቲ ኣግባብነት ከምዘለዎን ንሳቶም'ውን ምሉእ ደገፍ ከምዝገብሩን ኣብ ዩኒቨርስቲ መቐለ ዝርከቡ ኣባላትን ደገፍትን ኢህወዴግ ኣረጋጊፆም።

ኣባላትን ደገፍትን ኢህወዴግ ዩኒቨርስቲ መቐለ 14 ታሕሳስ 1999 ዓ/ም ኣብ ኣዳራሽ ሓወልቲ ሰማእታት እዋናዊ ጉዳይ ሃገርና ኣመልኪቶም ዘካየድዎ ዘተ እንትዛዘሙ በዓል 10 ነጥቢ መግለፂ ቅዋም ኣውፂኦም'ዮም። እቶም ተሳተፍቲ ኣብዘውፅእዎ መግለፂ ቅዋም ኣኽረርቲ ሓይልታት ሶማልያ ምስ ፀረ ልምዓትናን ሃገርናን ዝኾኑ ሓይልታት ብምኧን ዝወልዕዎ ኲናት ብዘየዳግም ንምምካት ኣብዝግበር ርብርብ እጃሞም ከወፍዩ ድልዋት ምኻኖም ኣገንዚቦም። መንግስቲ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ነቲ ፀገም ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ዝወሰዶም ትዕግስቲ ዝተላበሱ ስጉምትታት ከምዝንእዱ ዝሓበሩ ኣባላትን ደገደፍትን ኢህወደግ ዩኒቨርስቲ መቐለ ሉኣላውነት ንምኽባር ኣብ ዝውሰድ ስጉምቲ ዘድሊ መስዋእትነት ንምኽፋል ካብዘለዎም ድሉውነት ብተወሳኺ ዘተኣማምን ቁጠባ ንምህናፅ መንግስቲ እናወሰዶም ኣብዘሎ ውፅኢታዊ ምንቅስቓሳት ኣስተዋፅኦኦም ብምሕያል ዝበለፀ ፃዕሪ ከምዘካይዱ ቃል ኣትዮም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ ኣብ ከተማ መቐለ ዝርከብ «ብራይት ኣፍሪካ» ዝተብሃለ ውዳበ መናእሰይ፣ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣብ ቀረባ እዋን ንዝሕለፎ ውሳነ ብምድጋፍ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ልዕሊ 3000 መናእሰይ ኣባላት ናይቲ ማሕበር ሉኣላውነት ንምኽባር ኣብዝግበር ምርብራብ ኣብ ጐድኒ ውሳነታት መንግስቲ ኮይኖም ካብኦም ትፅቢት ዝግበር ንተፈታት ንምክያድ ድልውነቶም ኣረጋጊፆም።

ኣቦ መንበር እቲ ማሕበር መንእሰይ ደስታ ገ/የሱስ ኣብዝሃቦ መብርሂ ካብ ኲናት ዝርከብ ረብሓ ስለዘየለ መንግስቲ ነቲ ብሰማልያ ዝተሃቀነ ኲናት ብሰላማዊ መንገድ ንምፍታሕ ዝገበሮ ፃዕሪ ዘሕብንን ትምህርቲ ዝህብን'ዩ ድሕሪ ምባሉ እቲ ብትዕግስቲ ዝተኻየደ ኣማራፂ ብዘይምስማሩ ግና መንግስቲ ሕዚ ዝወስዶ ዘሎ ኣማራፂ ግቡእ ምኻኑን ኣባላት ውዳበ መናእሰይ ብራይት ኣፍሪካ'ውን ከምዝደገፍዎን ኣመልኪቱ።

# እዋናዊ ዛዕባ

## ቀዳማይ ሚኒስትር መለስ ዜናዊ ኣብ እዋናዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቶም ዝሃብዎ መግለፂ

ኣብዚ ዕለት'ዚ (15 ታሕሳስ 1999 ዓ/ም) ብልምዓት ዝበለፀ ውዕኢት ዘመዝገቡ ካብ መላእ ሃገርና ዝተውፃእዕኡ ሓረስቶት ተሞክሮኦም ይለዋወጡን ናይ ልምዓት ፃዕሮም ንምጉልባት ዘኽእል ሓበራዊ ቅዋም ይሕዙን ኣለዉ። እዚ ዝተቐደሰ ተግባር ትምኒትን ድልየትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ልምዓት፣ ዴሞክራስን ሰላምን ምኺኑ ብጭቡጥ የረጋግፅ።

ይኹን'ምበር ካብዚ ናይ ሃገርና ናይ ልምዓትን ሰላምን ድልየት ወፃኢ ፅንፈኛታትን ፀረ ኢትዮጵያ ሓይልታትን ብተደጋጋሚ ኣብ ልዕሌና ዘካየድዎ ፅሕተራ ነገርን ጥቕዓትን ብምምካት ሉዓላውነትን ሰላምን ሃገርና ንምኽባር ናይ መከላኽሊ ሓይልና ናብ ኵናት ኽኣቱ ተገዲዱ ኣሎ።

ኣብ ሶማልያ ዝነቆጡ ሓይልታት ጥፍኣት ብዘፀሓርዎ ኵናት ምኽንያት መከላኽሊ ሓይልና ኣብ ልዕሊ ኣሸበርትን ናይ ጥፍኣት ሓይልታትን ናይ ግብረ መልሲ ስጉምቲ ምውሳድ ጀሚሩ ኣሎ።

ከምዝፍለጥ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ብኣተሓባባራይነት መንግስቲ ኤርትራ ናይ ሞቓድሾ ኣሸበርትን ዝተፈላለዩ ፀረ ኢትዮጵያ ሓይልታትን ኣብ ሃገርና ንዝፈፀምዎን እናፈፀምዎ ንዝርከቡን ጥቕዓት ንምክልኻል መንግስትና ኣድላዪ ዘበለ ሕጋዊ ስጉምቲ ንኽወስድ ካብ ምፍቃድ ሓሊፉ፤ እዙይ ቅድሚ ምኻኑ ናይ ሰላም መማረፅታት ንኽንፅቀቑ ወሲኑ እዩ።

ብመሰረት እዙይ መንግስቲ ቅድሚ ውሳነ እቲ ቤት ምኽሪ'ውን ከምዝገበሮ ኩሉም ናይ ሰላም መማረፅታት ንምፍታሽ ፃዕሪ ገይሩ እዩ። ብመሰረት እዚ ንባዕሉ መሪሕነት እስላማዊ ኣብያተ ፍርዲ ኢሉ ምስ ዝፅውዕ ናይ ኣሸበርቲ ጉጅለ ተወካሊ ኣብ ከተማ ጅቡቲ ብምርኻብ እቲ ጉጅለ ዘተኣኻኸቦም ፀረ ኢትዮጵያ ሓይልታት ካብቶም ዝቆፃፀሮም ቦታታት ንኽውፅእ፣ ነዞም ሓይልታት መፅለልን መሕብእን ምሃቡን ናብ ኢትዮጵያ ምእታውን ጠጠው ንኽብል፣ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝኣወጆ ኵናት ንኽልዕል፣ ኣፈላላያትና ብድርድር ንኽንፈትሕ ንምርድዳእ ሰፊሕ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ። ድሕሪ እዚ እውን ኣብ መጀመርታ እዚ ሰሙን ምስ ተወከልቲ እቲ ጉጅለ ኣብ ከተማ ዱባይ ብምሽጥር ብምርኻብ እቲ ሽግር ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕን ንምርድዳእን ፃዕሪ ተገይሩ እዩ።

ኢትዮጵያ ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ደቒቓ ነቲ ሽግር ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ካብ ምርብራባ ብዝሓለፈ ካልኦት ወገናት ንዝገብርዎ ናይ ሰላም ፃዕሪ ብምሉእ ልቢ ደጊፋ እያ። ብመሰረት እዙይ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት እቲ ሽግር ብሰላም ንምፍታሕን ዘሕለፎ ውሳነ ብምሉእ ልቢ ብምድጋፍ ብቕልጡፍ ተግባራዊ ንክኽውን ኣተሓሳሲባ፤ ንኩሉም ዝምልከቶም ወገናት ተማሕፂና እያ።

ኣብ መፋርቕ እዚ ሰሙን ኮሚሽነር ሕብረት ኣውሮጳ ዝኾኑ ሚስተር ልዊ ሚሸል ንዘቕረብዎ ናይ ሰላም ፃዕሪ ብምሉእ ልቢ ደጊፋ እያ፤ ንተግባራውነቱ'ውን ምስ ኩሉም ዝምልከቶም ተሓባቢራ ከም እትሰርሕ ኣረጋጊፃ እያ። ኢትዮጵያን ካልኦት ወገናትን ንዝገበርዎ ህልኽ ዘወድእ ፃዕሪ ሰላም ግምት ዘይሃቦ ናይ ሞቓድሾ ኣሸባሪ ጉጅለን ብድሕሪኡ ዝተሰለፉ ፀረ ኢትዮጵያ ሓይልታትን ናይ ሰላም ልኡኻት ኣብ ሞቓድሾን ባይዶዋን እናተመላለሱ ኣብ ዘለዉሉ እዋን መጥቃዕቲ ፈንዮም።

ብፍላይ ካብ ዝሓለፈ ሮቡዕ 11 ታሕሳስ ጀሚሮም ንናይ ሶማልያ መንግስቲ ስግግር፣ ንምምሕድዳር ፑንትላንድን፣ ንምምሕድዳር ሶማሊላንድን ብኩናት ብምስዓር ምልእቲ ሶማልያ ተቖፃፂሩ፣ ንሃገርናን ብኣጠቓላሊ ንቀርኒ ኣፍሪካ ንምሕማስ ዝሓዞን ካብ ኣዮኻ በሃልቱ ዝተውሃቦ ተልእኾ ንምፍፃምን ኣብ ተኸታተልቲ መዓልትታት ሰፊሕ ናይ መጥቃዕቲ ወፍሪ ከፊቱ ኣሎ።

ንኢትዮጵያ ናይ ምሕማስ ተልእኾኡ ተፈፃምነት ንመላእ ሶማልያ ክሳብ ዝቆፃፀር እኳ ከዕንሖ ዘይመረፀ እዚ ናይ ኣሸበርቲ ጉጅለ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሩ ኣብ ዘለዉ ከባብታት ኣፅሊሎም ዝነበሩ ዓመፅቲ ጉጅለታት ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ብዝበለፀ ቅልጣፈን መጠንን ናብ ኢትዮጵያ ኣእትዩ እዩ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ እቲ ናይ ሰላም ፃዕሪ ውፅኢት ከመዘየምፀአ፣ እኳ ድኣስ እቲ ጥቅዓት ብዝለዓለ መጠን እናተጠናኸረ ኣብዘለወሉ እዋን ነገራት ብትዕግስቲ ብምሓዝ፣ ነታ ሃገር ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ ዘቃልዓ ምኳኑ ብምግንዛብ ዓርቢ 13 ታሕሳስ ናይ መወዳእታ መጠንቀቕታ ምሃቡ ይፍለጥ። ይኹን’ምበር ኣሸበርትን ኣየኹም በሃልቶምን ነዚ መጠንቀቕታ ከም ድኽመት ብምቑፃር ናይ ጥቅዓት ወፍሮም ቀፂሎምሉ። ብምኳኑ’ውን ናይ መከላኸሊ ሓይልና ነቲ ወፍሪ ንምፍሻል ኣድላዪ ሕጋዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ተገዲዱ ኣሎ።

## ዝኽበርኩም ህዝብታት ኢትዮጵያ

ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ምስ ህዝቢ ሶማልያ ወላ ሓንቲ ጎንፂ የብሎምን:: የግዳስ ናይ መከላኸሊ ሓይልና ኣብ ዝወሰዶም ስጉምትታት ምክልኻል ቀጥተኛ ግዳያት ዝኾኑ ናይ ሶማልያ መንግስትን ወታደራትን፣ ወታደራት ምምሕድዳር ፑንትላድን ካልኦት ዕጡቓት ሶማልያውያንን ኣብ ጎኒ ሰራዊትና ተሰሊፎም እናተኳሸሑ እዮም::

በዚ ኣጋጣሚ እዞም ንሰላምን ንሰናይ ጉርብትናን ክልቲኣን ሃገራትን ጠጠው ዝበሉ ዜጋታት ሶማልያን ወታደራትን ብሽም ናይ ኢትዮጵያ ህዝብን መንግስትን ከመስግኖም እፎቱ::

ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ምስ ህዝቢ ሶማልያ ጥራሕ እንተይኮነስ ምስ ብዙሓት ናይ ሶማልያ ኣባይቲ ፍርዲ ኣባላትን ደገፍትን ምንም ዓይነት ጎንፂ የብሎምን:: እዞም ሓይልታት ናይ ከባቢኦም ሰላምን ምርግጋእን ንምርግጋፅ ናይ እስላማዊ ኣብያተ ፍርዲ ምጥያሽ መሰሎም ምዃኑን እዚ ንኢትዮጵያ ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ከም ዘይጎድኣ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ኣፀቢቖም ይፈልጡ:: ካብዚ ብምብጋስ እውን ብመሰረት ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት፣ ሕብረት ኣፍሪካን ኮሚሽነር ሕብረት ኣውሮጳ ልዊ ሚሽልን ብዘቕረብዎ ናይ ሰላም ሓሳባት መሰረት፤ እዚ ሕብረት ኣብያተ ፍርድን እቲ ናይ ስግግር መንግስትን ብድርድርን ብምክእኣልን ሓበራዊ መንግስቲ ኣቑሞም ሃገሮም ንኽመርሑ ንዝግበር ፃዕሪ ብምሉእ ልቢ ደጊፍና ኢና፤ ሎሚ እውን ንሓዋሩ’ውን ነዚ ናይ ሰላም ኣማራፂ ብፅንዓት ንድግፍ::

ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጎንፂ ምስቲ መሪሕነት ኣብያተ ፍርዲ እስልምና ብምጭባጥ፣ ንኩሎም ፀረ-ኢትዮጵያ ሓይልታት ብድሕሪኡ ብምስላፍ ንሃገርናን ዞባናን ንምህዋኽ ቆሪፁ ምስዝተልዓለ ውሑድ ናይ ኣሸበርቲ ጉጅለ እዩ:: ናይ ኢትዮጵያ ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ኣብዚ ናይ ኣሸበርቲ ጉጅለ ጥራሕ ዘነፃፀረ እዩ::

ንባዕልና ንምክልኻል ተገዲድና እንወስዶ ስጉምቲ ብመሰረት ዓለም ለኻዊ ሕጊ ምስቲ ዝተፈፀመና ጥቕዓትና ዝተዓመረልና ሓደጋን ዝምጥን ውሱን ስጉምቲ እዩ:: ኣብ ውሽጢ ፖለቲካ ሶማልያ ኣብ ማዕቀፍ ሕብረት ኣፍሪካ ኮይንካ ካብ ዝውሃብ ደገፍ ወፃኢ ኢድ ናይ ምእታው ድልየት ይኹን ውጡን የብልናን:: ናይ ሶማልያ ናይ ፖለቲካ ዕድል ናይ ምውሳን መሰል ናይ ህዝቢ ሶማልያ ጥራሕ ምዃኑ ኣጥቢቕና ስለእንኣምን፤ ናይ መከላኸሊ ሓይልና ተልእኾኡ ምስፈፀመ ሽዑ ንሽዑ ንሶማልያ ገዲፉ ክወፅእ እዩ:: ንባዕልና ካብ ናይ ምክልኻል ድልየትና ብድሕሪት ኣብ ሶማልያ ክነጣይሾ እንደልዮ መንግስቲ ይኹን ካሊእ ኣጀንዳ የብልናን:: የግዳስ ናይ ምክልኻል ስጉምቲ እናወሰድና ኣብ ዘለናሉ እዋን እውን እንተኾነ ንናይ ሶማልያ ናይ ውሽጢ ሽግር ብሕታዊ መፍትሒ ኣብ ሞንጎ ሓይልታት ሶማልያ ዝግበር ድርድር እዩ ኢልና ስለእንኣምን እቶም ዝበዝሑ ኣባላት እስላማዊ ሕብረት ኮሚሽነር ልዊ ሚሽል ብዘቕረብዎ ናይ ሰላም ሓሳብ መሰረት ኣብ ካርቱም ዝካየድ ድርድር ሰላም ብህፁፅ ኽጅመር ንክገብሩ ንሓትት::

## ዝኸበርኩም ህዝብታት ኢትዮጵያ

ንሃገርና ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንምንጋፍ ድፍእ ቅንዕ ኣብ እንብለሉን ዘተባብዕ ውፅኢት ምምዝጋብ ኣብ ዝጀመርናሉን ኣብዚ ሕዚ ወቕቲ ንሃገርና ሰናይ ብዘይምነዩ ሓይልታት ኣይዞኻ በሃላይነት ናይ ሞቓድሾ ጉጅለ ኣሸበርቲ ናብ ዘይንደልዮ ኲናት ኣእትዩና ኣሎ። እቲ ኲናት ንኽተርፍ ክሳብ ናይ መወዳእታ ደቒቓ እንተተረባረብና እውን ትዕግስትና ከም ድኽመት ተቖፂሩ ዝፍፀመና ጥቕዓት እናተጋደደ ክመፅእ ተገይሩ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዝተዓመረ ሓደጋ ንምዕጋስ እኹልን ተመጣጣንን ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ወፃኢ ኣማረፂ የብልናን። እንተይፈተና ተገዲድና ናብ ኲናት ክንኣቱ ምስተገበርና ዘለና ብሕታዊ ኣማረፂ ነቲ ኲናት ብቅልጡፍን ብዓወትን ምኽምባት ጥራሕ እዩ።

መንግስቲ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ናይ መከላኸሊ ሓይልና ተልእኾኡ ብዓወት ንኽፍፅም ኣድላዪ ደገፍን ኣመራርሓን ከምዝህብ ከረጋግፅ እደሊ። መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ'ውን ኣብ ጎድኒ እቲ ሰላምን ሉኣላውነትን ሃገርና ንምኽባር ዝረባረብ ዘሎ መከላኸሊ ሓይልና ከምዝስለፍ እተኣማመን።

ካብ ናይ ሞቓድሾ ኣሸበርትን ኣብ ድሕሪ እዚ ጉጅለ ካብ ዘለዉ ፀረ-ኢትዮጵያ ሓይልታት ኩሎም ዝበኣሰ ደመኛ ፀላኢና ድኽነትን ድሕረትን እዩ። እቲ ኣሸባሪ ጉጅለን ኣይዞኻ በሃልቱን ዝለዓለ ውፅኢት እናረኸብናሉ ካብዘለና ናይ ልምዓት ቃልሲ ከዘናግዑና እንተኽኢሎም ዘይሩ ዘይሩ ፀረ-ኢትዮጵያ ዕላማኦም ከምዝሳኻዕ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ዓውደ ኲናት ካብ እንገብሮ ውግእ ጎድና ጎድኒ ናይ ልምዓት ቃልስና እንተየቋረፅና ክንቕፅል ኣለና። የግዳስ ናይ ልምዓት ርብርብና ካብዝኾነ ይኹን እዋን ብዝበለፀን ብዝሓሸን ኩነት ክንፍፅም ይግበኣና።

መንግስቲ ነዙይ ብምርዳእ በቲ ዝተኸፈተና ኲናት ከይተዘናገዐ፣ ናይ ልምዓት ትልምታትና ንምስኻዕ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ብዝበለፀ ክረባረብ እዩ። መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን ነዚ ኣሰር'ዚ ስዒቡ ነቲ ሒዝዎ ዘሎ ውፅኢታዊ ፃዕሪ ከምዝቕፅል እተኣማመን።

ሰራዊትና ምስ ፀረ-ሰላም ሓይልታት እናተዋግአ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ናይ ልምዓት ቃልስና ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ከይተዓናቀፈ ከምዝቕፅል ኣብ ዕለታዊ ተግባራትና እናረጋገፅና ከምእንንዓዝ በዚ ኣጋጣሚ ከረጋግፅ እፎቱ። ኣመስግን።

# ትንታነ ዜና

## ኣብ ልዕሊ ድኽነት ዝዓመፁ - «ሕልሚ ቀትሪ» ዘግሃዱ

*በዓል ፀጋ ዕድመ እዩ። 99 ዓመታት ዘቑፀረ ሽማግለ። 90 ምኢታዊ ዕድመኡ ግን ንበለል ዝባኸኑ እዮም። በቲ ንእሽተይ ሞተሩ ነቲ ዓቢይ ሞተር ክነቕንቖ ዝጀመረ ግና ኣብ ቀረባ ዓመታት እዩ።*

### ባህርዳር ሙሉ ኣለም ኣዳራሽ 1998፤

*ዓሚ ለካቲት ብምኽንያት መበል 25 ዓመት ብኣዴን ፌስቲቫል ብሄር ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ኣብዛ ከተማን ኣብዛ ኣዳራሽን ተሳሊጡ ነይሩ። ብሄር ብሄረሰባት ብሓባር ዘትዮም። ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ውሕስነት ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራስን ክምዝኾነ ብሓደ ቋንቋ ተረዳዲኦም ንተግባርነቱ ቃል ኣትዮም ተፈላለዮም።*

### ባህርዳር ሙሉ ኣለም ኣደራሽ 1999፤

*ባህርዳር ዳግም ፅምብል በዓል ብሄር ብሄረሰባት እተኽብር ዘላ ኮይና እያ ቀንያ። ካብ ኣርባዕቲኡ መኣዝን ሃገርና ዝተኣኻኸቡ ሰብ ኣጀንዳ ልምዓት ፈሲሶምዋ። ልዕሊ 200 ማሕበራት ሕብረት ስራሕ፣ ተራድኦታትን መጋቢ ሕርሻ ናውቲ ዘፍርዮን ዘቕርቡን ትካላት ኣብቲ ንሓሙሽተ መዓልቲ ዝቐነየ ኤግዚብሽን እንሆ ኢሎም ፍርያቶም ኣቕሪቦም ንነባሪ ባህርዳርን ንዕዱማት ኣጋይሽን። ካብ ዕሟቕ በለስ እኖታት ንኖታት ክሳዕ ማንጎ፣ ኣናናስ፣ ኣፕል፤ ካብ ዘመናዊ ነዊትን ማሕረሻን ክሳዕ ቆፎ ዘመናዊ ንህቢ ኮታ ፍርያት ሕርሻ ዝቐረያ የለን።*

### 15 ታሕሳስ 1999

*ኣዒንቲ ከተመኛን ኣእዛን ሚልዮናት ገጠረቶትን ብጉሓቱ ምስ ቴሌቭዥንን ሬድዮን ተመሓዝየን። ሽልማት ሜዳልያ ኣትሌታት፣ ሰብ ኪነ ጥበብ፣ ጀጋኑ ዓውደ ውግእ ብቴሌቪዥን ኮነ ብሬድዮ ምግዋሕ ሓድሽ ኣይኮነን። ዓንዲ ሕቆ ኩሎም ክፍልታት ሕ/ሰብ ሓረስታይ ሽልማት ሜዳልያ እንተጠልጥል ግን ኣሽንባይ ንእዝኒ ኢትዮጵያ ንኣፍሪካ እውን ሓድሽ ተርእዮ እዩ። ናይ እማን ከምቲ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ዝበልዎ እቲ ዕለት ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ፍሉይ ዕለት'ዩ።*

*ኣብ 1900 ዓ/ም ዝተመስረተ ሽማግለ ቢሮ ሚኒስተር ሕርሻ ካብ ዕድመ ምቑፃር ዝዘለለ ታሪኽ የብሉን። ኣብ እዋን ሃ/ስላሰ «ንደፋእ ድንኩል» ዘግለለ ኣብ እዋን ደርግ ብእሰገድ ዝተባህለ ፍርያት ሓረስታይ ብኮታ ዝዘርፍ ዝነበረ እዩ።*

*ሎሚ ግን ሳላ'ቲ ከም ኣገላልፃ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ «ኣብ ዝተበጣጠሰ ግራት፣ ብዝተበጣጠሰ ቴክኖሎጂ፣ ዝተበጣጠሰ ሓረስታይ ሒዝካ ብጐደና ልምዓት ምስጓም...ሕልሚ ቀትሪ'ዩ» ንዝበል ጫው ጫው ግዳማውን ውሽጣውን ሓይልታት ዘምከነ ብጉሓቱ ኣብ ሓረስታይ ዝተኣማመን ስትራቴጂ ኢህወዴግ፣ ኢትዮጵያ ከምተን ተኣምር ልምዓት ዘመዝገባ እኒ ኮርያ፣ ታይዋን፣ ሲንጋፖርን ቻይናን ብተኸታታሊ ን4 ዓመታት 9 ምኢታዊ ዕብየት ተመዝግብ ኣላ።*

*ሎምዘመን ንፈለማይ ግዘ ኣብ ዝተፀምበለ በዓል ሓረስቶት ዝተሸለሙ 500 ሓርበኛታት*

## መልእኽተ ወይን

# ሓርበኛታት ልምዓት ዘፍርን ብውፅኢቶም እናዓቀነ ዝሽልምን ፖሊሲ

ስሉጥን ቀፃልነት ዘለዎን ልምዓት ንምርግጋፅን ሓፋሽ በብደረጅኡ ተጠቃሚ ዝኾነሉ ስርዓት ንምህናፅን ገጠርን ሕርሻን ማእኸል ዝገበረ ስትራተጅ ልምዓት ተኸቲልና ንጉዓዝ ኣለና። በዚ'ውን ኣብ ሓፈሻዊ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ሃገርና ጭቡጥን ርኡይን ውፅኢት እናተመዝገበን መነባብሮ ህዝብታት ኢትዮጵያ ደረጃ ብደረጃ እናተመሓየሸን ይርከብ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ሕርሻና ብ13.3 ምኢታዊ ብምዕባይ ሞተር ልምዓት ሃገርና ናይ ምዃን ብቕዓት ከምዘለዎ ብተግባር ኣመስኪሩ'ዩ። ልምዓት ሕርሻ ሃገርና ስሉጥን ቀፃልነት ዘለዎን ዕብየት ከመዝግብ ዝኸኣለ ኢህወዴግ ቅኑዕ ፖሊስን ስትራተጅን ስለዝሓንፀ እዩ። ከምኡ'ውን ነዚ ፖሊስን ስትራተጅን ተግባራዊ ንምግባርን ንተበግሶ ልምዓት ሓረስታይ ሃገርና ኩለመዳያዊን ትካላውን ብዝኾነ መልክዕ ንምሕጋዝን ዘኽእል ስራሕ ስለዝተሰርሐ'ዩ። እዚ ርኡይን ጭቡጥን ውፅኢት ክምዝገብ ዝኸኣለ ኢህወዴን ንሱ ዝመርሖ ልምዓታዊ መንግስትናን ጉልበት ሓረስታይ ሃገርና ብምሉእነት ንምንቅስቓስ፣ ናይቲ ምንቅስቓስ ትሕዝቶን ኣፈፃፅማን ብዝግባእ ክርዳእን ካብ ተሞኩሮኡ ክመሃርን ንምግባር፣ ካብ መንፈስ ተፀባይነት ክናገፍ ንምግባርን ንልምዓት ዝሓልኩ ድሑራት ባህልታት ንምውጋድን ብዘካየድዎ ቃልሲ'ዩ። ብሓፂር ኣገላልፃ ውፅኢት ዘለዎ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ናይ ምምፃእን ፍልጠት ናይ ምምሕያሽን ቃልሲ ንምክያድን ብዓወት ንምዝዛምን ብዝተኻየደ ምርብራብ እዩ።

ብመሰረት'ዚ ልምዓት ሕርሻ ንምስላጥን እቲ ሓረስታይ ዝጥቀመሉ ቴክኖሎጂ ሕርሻ ብቐፃልነት ንምምሕያሽን ንምጉልባትን ቀፃልነት ዘለዎ ፃዕሪ ተኻይዱ'ዩ። በዚ ኣቢሉ'ውን ዓቕሚ መፍረያይነት ሓረስታይ ሃገርና ዘጠናኽር ሰፊሕን ኩለመዳያውን ደገፍ ናይ ምሃብ ስራሕ ተሰሪሑ'ዩ። ሓደሽትን ዝተመሓየሹን ቴክኖሎጂታት ሕርሻ ናብቲ ሓረስታይ ዘቕርቡን ነቲ ሓረስታይ እናእመኑ ዝሰርሑን ሰብ ሞያ ንምስልጣን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ሃገርና ብርክት ዝበሉ ኮሌጃት ተጣይሾም'ዮም። እቶም ኣብዞም ኮሌጃት ዝሰልጠኑ ሰብ ሞያ ኣብ ጎድኒ እቲ ሓረስታይ ኮይኖም ብዘበርከትዎ ሞያዊ ሓገዝ ሓረስታይ ሃገርና ኣብ ፍልጠት ዝተመስረተ ተግባር መፍረያይነት ንክካይድ ኣኽኢሎምዎ'ዮም። ውፅኢት ምርምር ሕርሻ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝኾኑ ዝተመሓየሹ ቴክኖሎጂታት ሕርሻ ምስ ጭቡጥ ኩነታት ነፍሲ ወከፍ ከባቢ እናዛመደ ዘቕርብ ስርዓት ኤክስቴንሽን ግብርና ንምዝርጋሕ ሰፊሕ ምርብራብ ተኻይዱ'ዩ። ሕርሻ ሃገርና ብዕዳጋ ዝምራሕ ክኸውን ንምግባር ስርዓት ዕዳጋ ሕርሻ ንምሕንፃፅን ብቐፃልነት ንምምሕያሽን'ውን ዘይተሓለለ ፃዕሪ ተገይሩ'ዩ። በዚ ከይዲ'ዚ ድማ ሓረስታይ ሃገርና ዘፍረዮ ፍርያት ብዝግባእ ዋጋ ንምሻጥ ዝኽእለሉ ኩነታት ተፈጢሩ'ዩ። ብውፅኢቱ ልምዓታዊ ተበግሶ ሓረስታይ ሃገርና ንክመሓየሽን ፍርያት ሕርሻ ሃገርና ልዕል ንክብልን ኣኽኢሉ'ዩ።

ኢህወዴግ ዝመርሖ ልምዓታዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ልምዓት ከምፅእ ዝኽእል ስትራተጂ ካብ ምሕንፃፅ ሓሊፉ ሓረስታይ ሃገርና በብውልቁ ይኹን ብውዳበ ኣብዚ ልምዓት ንክዋፈር ዘኽእሎ ፍልጠትን ግንዛበን ንክጭብጥ ዘኽእሎ ስራሕ ሰሪሑ'ዩ። ብመሰረት'ዚ ድማ ሓረስታይ ህዝብና ካብ ናይ ተፀባይነት መንፈስ ብወሳናይ መልክዑ ንክናገፍን ንልምዓት ዝሓልኩ ድሑራት ባህልታት ንክወግድን ዘኽኣለ ኣገዳሲ ስራሕ ተሰሪሑ'ዩ። ማይ ማእኸል ዝገበረ ስድራ ተኮር ፓኬጅ ብስፍሓት ተኣታቲዩን ተግባራዊ ኮይኑን። ሰፊሕ ናይ ማይ ምዕቃብ፣ ናይ ተፈጥሮ ሃብቲ ምክንኻን ስራሕቲ ተሰሪሑ። ብውፅኢቱ ድማ ኣብ እቶት ሓረስታይ ሃገርና ጭቡጥን ርኡይን ለውጢ ዝተመዝገበ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ንቐፀልቲ ስራሕቲ መሰረት ዝኸውን ዝንኣድ ተሞኩሮ ተረኺቡ። ሓረስታይ ሃገርና ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾነ ናብራ ዝነብር

እንተይኮነስ ኣብ ዕዳጋ ዝተመስረተ ናብራ ዘለዎን መነባብሮኡ ብቐፃልነት እናመሓየሸ ዝኸይድን ሓረስታይ ይኸውን ኣሎ:: ሓረስታይ ሃገርና ናይ ናብራ ናይ መጀመርያን መወዳእታን ሸቶ ከብድኻ መሊእኻ ምሕዳር ዘይምዃኑ ኣሚኑ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እቶቱ እናመሓየሸን ብቐፃልነት እናዓበየን ንባዕሉ ተለዊጡ ከባቢኡ ኣብ ምልዋጥ፣ ካብኡ ሰጊሩ'ውን ኣብቲ ሓፈሻዊ ዕብየት ሃገራዊ ኢኮኖሚ ወሳኒ ተራ ኣብ ምፅዋት ይርከብ ኣሎ::

እቲ ኣብ መፋርቕ ወርሒ ታሕሳስ ዝተኻየደ ሃገራዊ ፌስቲቫል ሓረስቶት ዘረጋግፆ ሓቂ'ውን ነዚ ልዕል ኢሉ ዝሰፈረ ቁምነገር ዘጠናኽር'ዩ:: ኣብዚ ኣብ ታሪኽ ሃገርና ንመጀመርታ ጊዜ ኣብ ከተማ ባህርዳር ዝተኸበረ መዓልቲ ሓረስቶት ኢትዮጵያ ካብ ክልላት ትግራይ፣ ኣምሓራ፣ ኦሮሚያ፣ ብሄር ብሄረሰባት ደቡብ ዝተውፃእዕኡ ምሩፃት ሓርበኛታት ልምዓት ዝኾኑ ሓረስቶት፣ ሰብ ሞያ ሕርሻን ማሕበራትን ተሸሊሞም ኣለዉ:: እዞም ንድኽነት ብምቅላስ ኣንፀባራቒ ዓወት ዘመዝገቡ ሓርበኛታት ልምዓት ዝኾኑ ሓረስቶት፣ ንተፀባይነት ተቓሊሶም ንለውጢ ዝበቕዑ፣ ጉልበቶምን ጊዜኦምን ኣዋዲዶም ብምስራሕ ጭቡጥ ለውጢ ዘመፅኡን መነባበሮኦም ዘመሓየሹን፣ መፍረያይነት ዘጎልብቱ፣ ሓደሽቲ ሓሳባት ዝቕበሉን ኣብ ከባቢኦም ንዝርከቡ ሓረስቶት ዘሕልፉን ምሩፃት ሓርበኛታት ልምዓት ዝኾኑ ሓረስቶት'ዮም:: ሓረስታይ ሃገርና ኣብ ፍልጠት ተመስሪቱ ንከፍሪ ኣብ ምኽኣል ቁልፊ ተራ ዝተፃወቱ ሰብ ሞያ ልምዓት ገጠር፣ ሓረስታይ ንፍርያቱ ተመጣጣኒን ፍትሓውን ዋጋ ንክረክብን በዚ ተተባቢዑ መፍረያይነቱ ከሐይልን ብምግባር መዳይ ወሳኒ ተራ ዝተፃወቱ ማሕበራት፣ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ገጠርን ሕርሻን እንታይ ከመይ መዓዝ ከመዝስራሕ ተረዲኦም ኣብ ምርዳእን ነቲ ሓረስታይ ኣብ ምምራሕን ርኡይ ተግባር ዝፈፀሙ ኣካላት ኣመራርሓ ጣቢያን ወረዳን'ውን ሰብ ብፅሒት እዚ ሽልማት'ዮም:: ብሓፈሻ እዚ ሽልማት'ዚ ኣብ ምፍፃም እዚ ዕውትነቱ ዘረጋገፀ ቅኑዕ ፖሊሲ ብትግሃትን ብተበግሶን ዝተንቀሳቐሱ ኩሎም ሓይልታት ልምዓት ዝተሸለምሉ'ዩ:: እቲ ዕውትነቱ ብተግባር ዘረጋገፀ፣ ምሩፃት ሓርበኛታት ልምዓት ዘፍርን ብውፅኢቶም እናዓቀነ ዝሸልምን ፖሊሲ ልምዓት ገጠር'ውን ዝተሸለመሉ'ዩ::

**ደሃይ ገጠር**

# ቃል ተጠቀምቲ ልቓሕ ባንኪ ዓለም

ፕሮጀክት ውሕስነት ምግቢ ባንኪ ዓለም ኣብ ትሕቲ ቤት ፅሕፈት መተሓባበሪ ውሕስነት ምግቢ ክልል ትግራይ ኮይኑ ተደጋጋሚ ድርቂ ኣብ ዘጥቅዐንን ሕፅረት ምግቢ ኣብ ዘጋጥመንን 16 ወረዳታት ትግራይ ድኻታት ንዝኾኑ መራሕቲ ስድራ ጠመተ ሂቡ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። እዚ ፕሮጀክት ልዕሊ 30% መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ተጠቀምቲ ክኾና ዝፅዕር እዩ። ንሱሚ ካብተን ተረባሕቲ ንክልተ መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ዝጠመተ ትሕዝቶ ዘለዎ ፅሑፍ ካብ ቤት ፅሕፈት ውሕስነት ምግቢ ተሳኢኹልና ኣሎ። ከምዝስዕብ ነቕርብ ኣለና።

*ኣቐዲምና ዘዘራረብናየን ወ/ሮ ድንቅነሽ ኣድሃና ቑሸት ግባና ጣብያ ዳራ በቐዳ ወረዳ ኦፍላ'የን። «ንብረት ነይሩኒ ብ1977 ዓ/ም ብዝነበረ ድርቂ በሪሱ፣ ሓዳር ነይሩኒ ብድሕሪኡ ተፋቲሑ። ብድሕሪኡ'ማ ሸቂለ ደቀይ የናብር ነይረ። ናብራና ግን ኣብ ሽግርን ጥምየትን ዝተመስረተ እዩ ነይሩ። ሓምሊ በረኻ ጠጢቕና ጨው ሲኢንና ብዘይ ጨው እንበልዐሉ እዋን ቀሊል ኣይነበረን። ጨው'ማ ናይ ሃፍታም እዩ ነይሩ። ገዛ ነይሩኒ ገዛይ ሸይጠ። 8ይን 9ይን ክፍሊ በፂሖም ዝማሃሩ ዝነበሩ ደቀይ ትምህርቶም ኣቋሪፆም። ኣብዚ ኩነታት እናሃለኹ ኣብ ፍትሓዊ ልቓሕ ተመዝጊበ፣ መሊሰ ፈሪሐ ሰርዙኒ ኢለ ተሰሪዙ። ተናሲሐ ኸዓ ምስ ወደይ ተማኺረ ከምብሓዱሸ ተመዝጊበ። ንሰለስተ ጤል ጥራሕ ዝኸውን ኣለቅሑኒ ኢለ ንሓሙሽተ እዩ ዝካኣል ኢሎምኒ ወሲደ። ከምዝፈራሕኽዎ ኣይኮነን። ተጠንቂቐ ሒዘየን ዕቡቕ ኮይነናለይ ዕዳይ ከፊለ ኣነ'ውን ተረቢሐ» ይብላ።*

*ወ/ሮ ድንቅነሽ እዚ ተሞክሮ እዚ ስለዝነበረን ናይ ባንኪ ዓለም ልቓሕ ኣብቲ ጣብያ ክጅመር ከሎ ነገፈረግ ከይበላ ፈለማ ምስ ዝወሰዱ ገባራት ተርታ ተሰሊፈን ክወስዳ ከምዝኸኣላ ይገልፃ።*

*«መጀመሪያ ካብ ባንኪ ዓለም ብዝተለቃሕኹዎ ገንዘብ ላሕምን ኣጣልን ገዚአ። እታ ላሕሚ መጀመሪያ ኣንስተይቲ ወሊዳ ደሓር ኸዓ ተባዕታይ ደጊማትለይ። ነታ መጀመሪያ ዝተወለደት ዓርሒ ብ800.00 (ብሸሞንተ ሚኢቲ) ብር ሸይጠ ገዛ ሰሪሐ ቆርቆሮ ከዲነ፤ ካብ ጠቐርን ዓኒርያን ዲሒነ ኣብኡ ይነብር ኣለኹ። እታ ዝነብረላ ዝነበርኩ ጉጂ እንዳመነጎን ሰፈር ከፍትን ጠለ በጊዕን ገይረያ። ብድሕሪኡ ግን እታ ላሕሚ ሓሚማትኒ ብብር 500.00(ሓሙሽተ ሚኢቲ) ሸይጠያ። ብብር ክልተ ሚኢቲ ዕባራ ላሕሚ ገዚአ ተኸናኺነ ኣህጢረ ወሊዳትለይ፤ ፀባ ሓቑነ ምስ ዕያለይ ይሰቲ ኣለኹ። ኣብ ሰሙን 20 ብር ጠስሚ ይሸይጥ። ኣብ ወርሒ 100.00(ሓደ ሚኢቲ) ብር የእቲ ኣለኹ ማለት'ዩ።*

*«እተን ኣጣል ዕቡቕ ተፋርየናለይ ካብ ሓንቲ ጤል ጥራሕ እናወለደት እናሸጥኩ ከባቢ 480.00(ዓርባዕተ ሚኢትን ሰማንያን) ብር ረኺበላ። ክሳብ ሕዚ 3000.00(ሰለስተ ሽሕ) ብር ካብ መሸጣ ኣጣል ረኺበ ኣብ ጣጣይ ኣውዒለ ኣለኹ። ሕዚ ሓንቲ ላሕሚ ምስ ብተያን ሓሙሽተ ኣጣልን ኣለዋኒ። ለይቲ ካብ ድቃሰይ ነቒሐ ጥምት ከብለን ከለኹ ሕጉስ ይብል'ሞ ንስኻትክንስ ናየይ? እዚ ኩላይ ዘበንማ ኣበይ ነይርኽን? ይብል። ናብራና ተመሓይሹ ሓምሊ በረኻ ጥራሕ ካብ ምብላዕ ወፂእና። ካብ ስንዳይ ካብ ጣፍ ኣማሪፅና ንሸምት፣ ኣሕምልትን ፍራምረን ገዚእና ንበልዕ ኣለና። ሰለስተ ደቀይ የምህር ኣለኹ። ካብኣቶም ሓንቲ ኳለይ ታሽዓይ ክፍሊ በፂሓትለይ።» ብምባል ናብረኣን ኣስተማቒረን ይገልፃ።*

*ናይቲ ጣብያ ወኪል ሕርሻ ብዛዕባ ወ/ሮ ድንቅነሽ እንትዛረብ «ናተን ምዕቡል ጎድኒ ዝውሃበን ሞያዊ ሓገዝን ምኽርን ሰሚዐን ኣብ ተግባር ምውዓለን'ዩ። ኣብ ዝፀገመን ጊዜ ባዕለን ሓቲተን መፍትሒ ይእልሻ። ኣብዚ ኸባቢ ዕበት መውዓልን ሕፅረት ቀለብ እንስሳ ዘቤትን ኣሎ። ነዚ'ውን ነቲ ሓረስታይ*

ጥሪቱ ኣብ ገዛ ዓዕዩ ንክቕልብ ኢና ነምህሮን ነተባብዖን። ወ/ሮ ድንቅነሽ ነዚ ቀልጢፈን ኣብ ተግባር ስለዘውዐለኦ ጥሪተን ኣብ ዕቡቕ ኩነታት ይርከባ። ካልኦት ሓረስቶት ግን ንቑለብ ክብሉ ጥሪቶም ናብ ርሑቕ ከባቢ ይሰዱ’ሞ ይዓብራ፣ ይሞታ።»

ካልኦት ዕጉማት ደቂ ኣንስትዮ እዚ ናተን ተበግሶ ወሲደን ካብ ፀገመን ንኽላቀቓ እንታይ መልእኽቲ ትህባ? ብምባል ንወ/ሮ ድንቅነሽ ሓቲትናየን። «ኣብዚ ምሳይ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ’ማ ጓሳ ኣይብልናን ኢለን ፈሪሐን ልቓሕ ከይወስዳ ኣብ ፀገም እኒህዋ። ምልቃሕ ካባይ ልፈርሕ ኣይነበረን። እንተሰሪሕካሉ ግና ይጠቅም’ምበር ኣይጐድእይ። ስለዚ ካብ ገፅ ሰብ ምርኣይ ወሲድክን ለይትን ቀትርን ሰሪሕክን ስድራኽን ምዕንጋል ይሓሽክን እየ ዝብለን።» ብምባል የተባብዓ።

ወ/ሮ ኣልጋነሽ ገ/ስላሰ ነባሪት ጣብያ ፍትሒ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ እንትኾና ገባር መራሒት ስድራ እየን። ንሰን ምስ ኣርባዕተ ርእሰን ካብ ሓጻራ ምስ ዝተፋተሓት ጓለንን ሓደ ወዳን ብሓንሳብ ይነብራ። ንሕሉፍ ህይወተን እንትገልፃ «ምስ በዓል ገዛይ ዕቡቕ መነባብሮ ንመርሕ ነይርና። ክሳብ ሸሞንተ ትሽዓተ ሓራሳት ኣላሕም ንሓልብ። ክልተ ሰለስተ ዕምዲ ኣቡዕር ንሓርስ ነይርና። ሸሞንተ ቆልዑ ወሊደ ንታሽዓይ ነፍሰ ፁር እናሃለኹ ምስ በዓል ገዛይ ብፍትሕ ተፈላሊና። በዓል ገዛይ ከፍትን እኽልን ተማቒሉ ምስ ካሊእ ሓዳር ገይሩ። ኣነ ግና ብድሕሪ’ዚ ብዙሕ ፀገም ኣሕሊፈ ንደቀይ ከምዘይዕበ የለን ብመከራ ኣዕብየዮም» ኢለናና።

ካብተዘዋዋሪ ልቓሕ ባንኪ ዓለም ብዝወሰድኦ ገንዘብ ሕዚ ናብረአን ከመይ ከምዝመሓየሻ እንትገልፃ ድማ «ላሕሚ ገዚአ። በቲ ናታ ጱኽዒ እናተጠቐምኩ ኮምፖስ ኣዳልየ ዝራእቲ ዘሪአ ዕቡቕ ናይ ኣዝመራ እዋን ስለዝነበረ ዕቡቕ እቶት ኣእቲየ። ቀለበይ ክኢለ፣ ክዳነይ እውን ቐይረ። እታ ላሕሚ ወሊዳትለይ። ሕዚ ምስ ደቀይ ልኻይ ንልከ፣ ብራሕ (ሕቋን) ንስቲ፣ ጠስሚ ሸይጠ እቶት ይረክብ። ክሳብ ሕዚ ፍርቂ ናይቲ ዝወሰድክዎ ልቓሕን ወለዱን ከፊለ ኣለኹ። ኣብ ፕሮግራም ሰፍቲኔት ሰሪሐ’ውን ተወሳኺ እቶት ይረክብየ።»

ድሕሪ ነዚ ተሞክሮ ምርካበን ወ/ሮ ኣልጋነሽ ኣብ እንዳ ሃፍታም ተቆፂረን ፃህያይ ፃህየን ዝረኽብኦ 300.00(ሰለስተ ሚኢቲ) ብር ብዕራይ ገዚአን ብምቕላብ ኣህጢረን ብ1200.00(ሓደ ሽሕን ክልተ ሚኢትን) ብር ከምዝሸጥኦን በቲ ናቱ ሽያጥ ዓርሒ ገዚአን ከምዘስረራን ይገልፃ። እዚ ድማ ሰሪሕካ ኣማሪፃ እቶት ምርካብ ዝከኣል ምዃኑ ከምዘረደአን ሓቢረናልና።

ድሕሪ ናይ ባዕለን ተሞክሮ ወ/ሮ ኣልጋነሽ ካብ ሓጻራ ተፋቲሓ ንዝመፀት ጓለን ዓርሳ ንምኽኣል ሓሲበን ልቓሕ ንኽትወስድ ኣእሚነን ብር 1500.00 (ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢቲን) ወሲዳ እያ። እንተኾነ ግን በቲ ልቓሕ ጥራሕ ጥሪት ክትገዝእ ስለዘይካኣለት ቁሩብ ወሲኻ ብ2000.00(ክልተ ሽሕ) ብር መላእ ላሕሚ ገዚኣ ሕዚ ኣብ ቐረባ እዋን ወሊዳትላ ኣላ። ስለዚ ወ/ሮ ኣልጋነሽ ተሞክሮአን ናብ ውሉድ ኣሕሊፈን ኣለዋ ማለት’ዩ።

ድኻታት ሓረስቶት ብሕልፊ ኽዓ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ልቓሕ ንምውሳድ ዕዳ ክንኣቱ ኢና ብምባል ይፈርሓ እየን። ንስኽንከ እዚ ልቓሕ ክትወስዳ ከለኽን ዕዳ ክኣቱ’የ ኢልክን ኣይፈራሕክንን? ተባሂለን ንዝተሓተተኦ ሕቶ፣ «ኣየፍርሕን ኣይበሃልን፤ ዕዳ እንድዩ። ግን ኣብ ቡንን ሽኮርን፣ ወርቅን ጨርቅን ካሊእ ጣጣን ንዘውፅሎ’ዩ ዕዳ ከይኾኖ ዘፍርሖ። ኣነ ግን ክሰርሖሉ ኢለ ወሲደ ይሰርሖሉን ውፅኢት የግንየሉን ስለዘለኹ ኣይፈራሕኹን፤ ኣብ ዘየፍርሕ ደረጃ’ውን በፂሐ’የ። ስለዚ ኣነ እንታይ’የ ዝመክር እንድሕር ከጠፋፍኣ ሓቐን እየን ኣይውሰዳ፣ እንድሕር ክሰርሓ ደልየን ግን ኣብ ጥቓአን ማሕበር ደቂ

ኣንስትዮ ኣለዋ ይሕተተኣን፣ ክኢላታት’ውን ኣብ ጣብያ ክሕግዝወን’ዮም። ነዚ ልቓሕ ወሲድና እንሰርሕ ዘለና ደቂ ኣንስትዮ’ውን በዛ ክእለትና ከነማኽረን ንኽእል ኢና።» ብምባል መልእኽተን ኣሕሊፈን።

ኣብ ክልልና ትግራይ ብሕርሻን ልምዓት ገጠርን ኣቢሎም እናተሳለጡ ካብ ዝርከቡ ንጥፈታት ሓደ ውፅኢት ፍርያት ንህቢ’ዩ። እቲ ፃዕራም ፍጥረት ዝኾነ ንህቢ ፅርየቱ ዝሓለወን ስሉንን ፍርያት ምእንታን ክልግስ ሓረስቶት ነፂሮም ክፈልጥዎም ብዛዕባ ዝግባእ ንጥፈት ሰብ ሞያ ምኽሪ ይህቡ ኣለዉ።

- ባህላዊ ኮነ ዘበናዊ ቆፎ ንህቢ ኣብ ዝርከበሉ ከባቢ ፅርየት እቲ ከባቢ ብዝግባእ ክሕለው ይግባእ። ምስ እዚ ተዛሚዱ ድማ ደጋውን ውሽጣውን ፈተሻ ቆፎ ምክያድ።
- ምብራስ ኣግራባትን ተኽልታትን ንምውሓድ ቀለብ ኣናህብ ምኽንያት ስለዝኾውን ኣብ ሓለዋ ከባቢ ዝለዓለ ጠመተ ምግባር፤ ከምኡ’ውን ኣብ እዋን ድርቂ ንኣናህብ ማይን ምግብን (ከም ጥሕኒ ዝኣመሰለ) ምቕራብ ንዕስለ ኣናህብ ድማ ካብ ዝኾነ ዓይነት ተፃባኢ ምክልኻል።
- ኣብ ባህላዊ ኮነ ዘበናዊ ቆፎ ዝነብሩ ኣናህብ ኩነታቶም ምፅናዕን ምክትታልን ኣገዳሲ ኮይኑ እዚ ድማ ብደገ ብምርኣይ ማለት እውን ኣወፋፍረኦም ብምክትታል ከምኡ ድማ ውሽጣዊ ምክትታል ማለት እውን ነቲ ቆፎ ብምኽፋት ምስትብሃል ይግባእ።
- ኩነታት ኣናህብ ብብዙሕ መንገዲ ምክትታል ዝከኣል እኳ እንተኾነ ፅገ ሒዞም ዝኣትዉ ዘለዉ ምኻኖም ምርግጋፅ፣ እታ ንግስቲ ንህቢ ምህላዋ ምርግጋፅ፣ ከምኡ’ውን ዝዓቢ ሓሰኻ ከም ዘሎ ምስትብሃልን መዓዛን ፅገን ከምዝተኣከበ ምስትብሃልን ግና እቶም ቀንዲ ጉዳያት እዮም።
- ኣናህብ ልክዕ ከም ካልኦት እንስሳት ንምንባር፣ ንምርባሖን ከምኡ’ውን ምህርቲ መዓር ክህቡ ቀልብን እኹል ማይን ስለዘድልዮም ኣናህብ ኣብ ዝሰፈርሉ ከባቢ ምግብን ማይን ከምዘሎ ምርግጋፅ ኣዝዩ ኣገዳሲ’ዩ።
- ኣናህብ ብተፈጥሮ ካብ ዝቦቕሉ ኣግራብ፣ ቁጥቋጥን ዕንበባታትን ከምኡ’ውን ካብ ኣዝርእቲ ብዝርከቡ ፅገን መዓዛን እናተመገቡ እዮም ንዓና ፀጋታቶም ዝልግሱልና። ስለዚ ብፍላይ ዓምበብቲ ተኽልታት ንፅገ ኣናህብ ዝለዓለ ረብሓ ስለዘለዎም ክነልምዮም ይግባእ።
- ኣናህብ ብተፈጥሮኦም ጭሙታትን ፃዕራማትን እኳ እንተኾኑ ተፃባእቲ ነገራት እንትገጥምዎም ከለዉ ግና ብቐሊሉ ስለዝብተኑን ስለዝጠፍኡን ካብ ተፃባእቲ ነገራት ማለት እውን እቶም ልሙዳትን ዝውቱራትን ዝበሃሉ ከም ፃፀ፣ በጎይ፣ ጠበቕ፣ ዒፍ፣ ሽምዒ (በላዒት ብርብርታ) ኣንበሳ ንህብን ትትጊን እዮም።
- ኣናህብ ዋላ እኳ ካብቲ ብተፈጥሮ ዝረኽብዎ ቀለብ ብተወሳኺ ካልእ ምግቢ ኣየድልዮምን እንተዘይተብሃለ ንሳቶም ግና ኣብ ዝኾነ ይኹን ባዕልቶም ደኺሞም ካብ ዝረኽብዎ ቀለብ ፅገን መዓዛን ዕምባታትን ክቕለቡ ይመርፁ። ይኹን’ምበር ብፍላይ ኣብዚ ከምዚ ናይ ሕዚ አዋን ሓጋይ ግና ከም መዓር፣ ሽኮር፣ ጥሕኒ፣ ዝተወቐጠ እንጣጢዕ ኒህጉን ካልኦትን ምቕራብ ኣገዳሺ’ዩ።

*እንበኣርከስ ንሕዚ ኣብዚ ንሰናበት፤ ኣብዚ ሓረስቶት ክፈልጥዎ ዝግባእ ግና ስራሕቲ ምርባሕ ንህቢ ሓጋይ፣ ክረምቲ፣ ቀውዒ ክስራሕ ስለዝኽእል በቢእዋኑ ክንክን ምግባር የድሊ’ዩ። እዞም ስራሕቲ ድማ ምስ ምህርቲ መዓር ዝርከበሉ ወቕቲ ተተሓሒዞም ዳርጋ ዓመት ምሉእ ዝስርሑ እዮም።